Seattle Department of Education & Early Learning

SEATTLE PRESCHOOL PROGRAM

Seattle Preschool Program (SPP፣ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ሲያትል)
2026–27 መምርሒታት ክፍሊት ትምህርቲ

ፖሊሲታት ክፍሊት ትምህርቲ

1. ክፍሊት ትምህርቲ SPP ንውላዶም ብዝተመዝገቡ ናይ ምዝገባ ዓይነት መሰረት ብመዓልቲ ን6 ወይ ድማ ን10 ሰዓታት ዝወሃብ ናይ SPP ፕሮግራም ይሽፍን፤ ይኹን እምበር ካብ ስሩዕ ናይ SPP ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ወፃኢ ዝወሃቡ ግልጋሎታት ክንክን ህፃናት (ንኣብነት፣ ቅድሚ ትምህርቲ ወይ ድማ ድሕሪ ትምህርቲ ዝወሃብ ክንክን፣ ተወሳኺ ክንክን ህፃናት) ወይ ድማ ኣብ እዋን ናይ ትምህርቲ ዕርፍቲ ንዝወሃብ ክንክን ዝኽፈሉ ወፃኢታት ኣይሽፍንን። ንተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ በይዝኣም ካብዚ ታሕቲ ንዘሎ ሰደቓ ግዜ ይመልከቱ።
2. ን10 ወርሒ ናይ ትምህርቲ ዓመት ፕሮግራም SPP፣ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ካብ ኣክቶበር ክሳብ ጁን ኣብ ዘለዉ እዋናት ውሽጢ እዩ። ን12 ወርሒ ምሉእ ዓመት ፕሮግራም SPP፣ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ካብ ኣክቶበር ክሳብ ኦገስት ኣብ ዘለዉ እዋናት ውሽጢ እዩ።
3. ተምሃሮ ካብ ስሩዕ ትምህርቶም ስለ ዝተረፉ ወይ ድማ እቲ ትካል ብምዕፃዉ (ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ዕርፍቲ፣ በዓላት ወይ ድማ ብኽነታት ኣየር ምዕፃው) ምኽንያት ክፍሊት ትምህርቲ ቕናስ ***ኣይግበረሉን***።
4. ደረሰይታት ወርሓዊ ክፍሊታት ትምህርቲ ካብ ኣክቶበር 2026 ጀሚሩ ኣብ መዝገብ ኣብ ዝተመዝገበሉ ዋና ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ይልኣኹ።
5. Department of Education and Early Learning (መምርሒ ትምህርትን ቅድመ ስሩዕ ትምህርትን) ኣብ ውሽጢ ፕሮግራም SPP ክልተ ወይ ድማ ካብ ክልተ ንላዕሊ ቀልዑ ንዘመዝግቡ ስድራቤታት ናይ 10 ሚኢታዊ ቕናስ ይገብር።

ምምሕያሻት ክፍሊት ትምህርቲ

1. ኣታዊኣም ወይ ድማ መጠን ስድራቤቶም እንተተቐይሩ፣ እቶም ለውጢታት ኣብ'ዚ ናይዚ ወርሒ ሒሳብ ንክርኣዩ፣ ቅድሚ ናይ'ቲ መወዳእታ መዓልቲ (ኣብ ታሕቲ ይርኣዩ) ንተጅለ ምዝገባ SPP ኢሜይል ይግበሩ። እንድሕር ድኣ ድሕሪ እቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ተፈሊጡ፣ እቶም ለውጢታት ኣብቲ ናይ ዝቕፅል ወርሒ ሒሳብ ኣብ ተግባር ይውዕሉ።
2. ኣብቲ ፍርቂ ወርሒ ንዝኣትዉ ወይ ድማ ንዝወፁ ህፃናት፣ እቲ ክፍሊት ትምህርቲ ከምዝስዕብ ይመሓየሽ፡-
   - ናይቲ ወርሒ 15ይ መዓልቲ ቀዲሞም ንዝጅምሩ ወይ ድማ ካብቲ ወርሒ 15ይ መዓልቲ ድሒሮም ንዝወፁ ተምሃሮ → ምሉእ ናይ ትምህርቲ ክፍሊት ይኽፍሉ
   - ናይቲ ወርሒ 15ይ መዓልቲ ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ዝጅምሩ ወይ ድማ ናይቲ ወርሒ 15ይ መዓልቲ ወይ ድማ ቅድሚ እዚ ንዝወፁ ተምሃሮ → 50% ሚኢታዊ ናይ ትምህርቲ ክፍሊት ይኽፍሉ።

ሰደቓ ግዜ ክፍሊት

ናይ ክፍሊት መሕተቲ ወርሒ	ሴፕቴምበር	ኣክቶበር	ኖቬምበር	ዲሴምበር	ጃንዋሪ	ፌብሯሪ	ማርች	ኤፕሪል	ሜይ	ጁን	ጁላይ	ኣገስት
ናይ ለውጢታት መወዳእታ ዕለት	ሒሳብ ኣይተልኣኸን	10/3/26	11/3/26	12/3/26	1/3/27	2/3/27	3/3/27	4/3/27	5/3/27	6/3/27	7/3/27	8/3/27
ሒሳብ ተላኢኹ	ሒሳብ ኣይተልኣኸን	10/8/26	11/9/26	12/9/26	1/11/27	2/9/27	3/9/27	4/9/27	5/10/27	6/9/27	7/9/27	8/10/27
መወዳእታ ክፍሊት ዕለት	ሒሳብ ኣይተልኣኸን	10/23/26	11/24/26	12/24/26	1/26/27	2/24/27	3/24/27	4/24/27	5/25/27	6/24/27	7/24/27	8/25/27

መርኣያ ሰደቓ ግዜ፡- መዓልቲ ቅድመ ስሩዕ-ትምህርትን ስርዓተ ኣከፋፍላን

መዓልቲ ትምህርቲ SPP	**ቅድሚ ስሩዕ ናይ ትምህርቲ ሰዓት**	**ድሕሪ ስሩዕ ናይ ትምህርቲ ሰዓት**
ናይ 6-ሰዓት SPP፡- 9:00 ንግሆ–3:00 ድሕሪ ቀትሪ*	**ዝግበር ክንክን** (ኣማራጺ)	**ዝግበር ክንክን** (ኣማራጺ)
ናይ 10-ሰዓት SPP፡- 7:30 ንግሆ–5:30 ድሕሪ ቀትሪ*	7:00–9:00 ንግሆ*	3:00–6:00 ድሕሪ ቀትሪ*
• ወፃኢ፡- ናይ SPP ብርኪ ኣታዊ መሰረት ዝገበረ ክፍሊት ትምህርቲ	• እቲ ወፃኢ ብግልጋሎት ወሃቢ ይውሰን	
• ንከተማ Seattle/SPP ይኽፈሉ (ኣማራጺታት ክፍሊት ይርኣዩ)	• ንግልጋሎት ወሃቢ ብቐጥታ ይኽፈሉ (ብድጎማ ወይ ድማ ካብ ወፃኢኣም)	

**በይዝኣም እዚ ሰደቓ ግዜ ክፍሊት ንኣብነት ዝቐረበ ምኽኑ ልቢ ይበሉ። ናይ ሰራሕ ሰዓታት ከከም ግልጋሎት ወሃቢኡ ዝፈላለየ እንትኾን፣ ኩሎም ግልጋሎት ወሃብቲ ቅድሚ ትምህርትን ድሕሪ ትምህርትን ዝወሃቡ ክንክናት ኣየቕርቡን።*

ክፍሊታት ምፍጻም

1. ክፍሊታት ብመሰረት ሰደቓ ግዜ ክኽፈሉ ኣለዎም።
2. እቲ ክፍሊት ከመይን ኣበይን ከም ዝኽፈሉ ንምፍላጥ «Payment Options» (ኣማራፂታት ክፍሊት) ዝብል ክፋል ይርኣዩ።
3. ብተሌፎን ወይ ድማ ብኦንላይ እንትኽፍሉ፣ ናይ ዓሚል መለለዪ ቁፅሮም (Customer ID) ከምኡ'ውን ናይ ደረሰኝ ቁፅሮም (Invoice #) ድሉው ይግበሩ።
4. ብቼክ ወይ ድማ ብገንዘብ መእዘዚ (Money Order) ዝኽፍሉ እንተኾይኖም፣ «City of Seattle-SPP» (ምምሕዳር ከተማ ሲያትል-ኤስ.ፒ.ፒ) ኢሎም ይፅሓፉ።

ኣማራፂታት ክፍሊት	ኣገባባት ክፍሊት	ዓይነታት ክፍሊት
ኦንላይን (ዝምከር)	ናይ'ቲ ክፍሊት ፖርታል ይጠቐሙ፡- ዝርዝራት ኣካውንት ይርኣዩ (billerpayments.com)	መለለዪ ቐፅሪ ዓሚል ከምኡ'ውን ቐፅሪ ደረሰኝ # የድሊ። ካብ 3,000 ዶላር ንታሕቲ፡- ብካርዲ ወይ ድማ ብባንኪ ኣካውንት ካብ 3,000 ዶላር ንላዕሊ፡- ብባንኪ ኣካውንት ጥራሕ
ብፖስታ (ዝምከር)	City of Seattle - SPP ክወሃቡ ዝግብኦም ናይ ግምጃ ቤት ሰነዳት PO Box 94626 Seattle, WA 98124-6926	ቼክ ወይ ድማ መእዘዚ ገንዘብ ኣብ ኹሎም ቼካት ወይ ድማ ኣብ ገንዘብ መእዘዚታት "City of Seattle – SPP" ዝብል የጠቓልሉ።
ቴሌፎን (ናይ'ቲ ኦንላይን ክፍሊት ፖርታል ዘይርከብ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራሕ)	መስመር ክፍሊት ከተማ፡- (206) 684-7800 ሰዓታት፡- ካብ 8:30 ንግሆ ክሳብ 3:00 ድሕሪ ቀትሪ	VISA/Mastercard መለለዪ ቐፅሪ ዓሚል ከምኡ'ውን ቐፅሪ ደረሰኝ # የድሊ።
ብኣካል	ህንፃ መዳለዊ ገዛ ሲያትል (Seattle Municipal Tower) 4ይ ደብሪ ናይ ክፍሊት/ሓበሬታ መውሃቢ ዴስክ 700 5th Avenue Seattle፣ WA 98104 ሰዓታት፡- ካብ 8:30 ንግሆ ክሳብ 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ማእኸላት ግልጋሎት ዓሚል http://www.seattle.gov/customer-service-centers	VISA/Mastercard፣ ጥረ ገንዘብ፣ ቼክ

መረጋገፂ ክፍሊት – ንሓበሬታ ዕላማ ጥራሕ

1. ንተጠቀምቲ ምቹው ንክኸውን፣ SPP ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ፈብሩዋሪን ጁላይን መግለፂታት መረዳእታ ክፍሊት ትምህርቲ ብፖስታ ይልእኽ
2. ንተወሳኺ መጠቓለሊ ክፍሊት፣ በይዝኦም ሕቶኦም በዚ ዝስዕብ ኢሜይል ይልኣኹ፡- SPPbilling@seattle.gov

ይርኸቡና

1. ኢሜይል ሕቶታት ክፍሊት ሒሳብ፡- SPPBilling@seattle.gov
2. ቴሌፎን ሕቶታት ክፍሊት ሒሳብ፡- 206-684-5660
   ሰዓታት፡- ካብ 8:00 ንግሆ ክሳብ 4:00 ድሕሪ ቀትሪ

ናይ Seattle Preschool Program (SPP፣ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ሲያትል) መብዛሕትኡ ግዜ ዝሕተቱ ሕቶታት

ክፍሊተይ መዓስ ክኽፈል ኣለዎ?
ክፍሊታት ኣብ ላዕሊ ብዝተሓበረ ክፍሊት ሰደቓ ግዜ መሰረት ወይ ድማ ኣብቲ ደረሰኝ ብዝተሓበረ መዓልቲ ክኽፍሉ ኣለዎም።

ደረሰኝታት ወርሓዊ ክፍሊት ትምህርቲ ኣበይ ይረክብ?
ክፍሊት ደረሰኞም ብመዓልቲ ክፍሊት ካብ ምምሕዳር ከተማ Seattle ኣብ info@seattle.gov ናብቲ ዋና ኣድራሻ ኢሜይሎም ክልኣኽ እዩ። ነቲ ኢሜይል እንተዘይርኢኹሞ፣ ናይ SPAM ማህደርኩም ፈትሹዎ። ነቶም ኢሜይላት ምርካብኩም ንምርግጋፅ፣ ን "info@seattle.gov</1" ውሕስንኡ ዝተሓለወ ለኣኺ የእትዉ ወይ ድማ እቲ ኢሜይል SPAM ከምዘይኾነ ምልክት ግበሩሉ።

ክፍሊት እንተዘንጊዑኒ ወይ ድማ ብእዋኑ ምኽፋል እንተዘይኽኢለ እንታይ ክገብር ኣለኒ?
ኩነታት ገንዘብ ናይ ስድራኹም እንተተቐይሩ ከምኡ'ውን ክፍሊት ምኽፋል እንተዘይኽኢልኩም፣ ንቢሮ ክፍሊት ሒሳብ የዘራርቡ። ክፍሊት ትምህርቲ ቐናስ ክረኽቡን እቲ ክፍሊት ኣብ ዝተወሰነ እዋን ንምኽፋል ዘኽእል ትልሚ ክፍሊት ምድላው ይኽእሉ። ሓገዝ ንምርካብ ናብ SPPBilling@seattle.gov ኢሜይል ይግበሩ።

ኣብቲ ናይ ትምህርት ክፍሊት ደረሰኝ ጌጋ እንተሃልዩ እንታይ ክገብር ኣለኒ?
ኣብ ክፍሊት ደረስዮም ጌጋ እንተሃልዩ በይዝአም ቢሮ ክፍሊት ሒሳብ በዚ SPPbilling@seattle.gov የፍልጡ። ሰራሕተኛታት DEEL ክፍሊት ትምህርቲ ለውጢ ምግባሩ ኣድላዪ ምኺኑ ንምርግጋፅ ሓቢሮም ይሰርሑ።

እቲ ክፍሊት ብክፋል ምኽፋል ወይ ድማ ትልሚ ክፍሊት ምርካብ ይከኣል?
ዝኾነ ይኹን መጠን ክፍሊት እንቕበል እንትንኾን፣ ቡብጉዳዩ ናይ ምቕራብ ክፍሊት ውጥናት ነቕርብ። ንተወሳኺ ሓበሬታ በይዝአም ንቢሮ ክፍሊት ሒሳብ በዚ SPPbilling@seattle.gov የዘራርቡ።

ኣታዊየይ እንትቕየርን መጠን ክፍሊት ትምህርቲ ንክስተኻኽል እንተደልየ እንታይ ክገብር ኣለኒ?
በይዝአም ዝተመሓየሸ መረጋገፂ ሰነድ ኣታዊ ብምሓዝ በዚ preschool@seattle.gov ይርከቡና። ናይ'ቲ ፕሮግራም ምዝገባ ተወካሊ ምስአም የዘራርብ። ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ዓመት ውሽጢ ናይ ኣታዊ ምውሳኽ ምሕባር ኣየድልን፤ ይኹን እምበር ናብ SPP ንካልኣይ ዓመት እንተተመሊሶም ናይ ኣታዊኦም ሓበሬታ ዳግማይ ንከረጋግፁ ክሕተቱ ይኽእሉ።

ናይ SPP Billing Department (SPP ዲፓርትመንት ክፍሊት ሒሳብ) ናይ Flexible Spending Account (FSA፣ መኽፈሊ ኣካውንት ፍሌክስ) ቕጥዐይ ክፍርመለይ ይኽእል?
ኣይኮነን፣ ግልጋሎት ኣቕራቢኡም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ክንክን ዝህብን ኣብቲ ፕሮግራም ምስታፎምን ምርግጋፅ ዝኽእል ብምኺኑ፣ ናይ FSA ቕጥዖም ምፍራም የድልዮም። ንወሃቢ ግልጋሎቶም ዝለኣኽ ክፍሊታት/ዝተፈፀሙ ክፍሊታት መጠቓለሊ ንምቕራብ ሕጉሳት ኢና፤ መጠቓለሊ ክፍሊት ንምሕታት በይዝአም ናብ SPPbilling@seattle.gov ኢሜይል ይልኣኹ።

ኣብ ሀጋይ ወቕቲ ክፍሊት ትምህርቲ ክኽፍል ኣለኒ?
እወ፣ ውላዶም ዓመት ምሉእ (12-ወርሒ) ኣብ ዝወሃብ ናይ SPP ክፍሊ መምሃሪ ውሽጢ እንተተመዝቢቡ፣ ኣብ ሰመር ወቕቲ እውን ክፍሊት ትምህርቲ ንክኽፍሉ ይግበሩ። ተመሳሳሊ መርሓዊ ተመን ክፍሊት ኣብ ናይ ሰመር ኣዋርሕ ተግባራዊ ክኽውን እዩ።